# የተቦሪ/ ሽወደን፡ ዕዉት ህዝባዊ ሰሚናር ኣኻይዱ።

ኤርትራውያን ተቐማጦ የተቦርን ከባቢኣን ብ 2 መጋቢት2013 ኣብ ዘካየድዎ ህዝባዊ ኣኼባ ዳግም ኣብ ጎድኒ ህዝቦምን ሃገሮምን ደው ኢሎም ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ድልውነቶም ብምርግጋጽ፡ መልክዓቶም ኢናቀየሩ ንዝመጹ ብድሆታት ንምምካት ሎሚ’ውን ከም ትማሊ ድሉዋት ከምዘለዉ ኣረጋጊጾም።

ኣብዚ ሰሚናር ተረኺቦም መግለጺ ዝሃቡ ሓለፍቲ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ብጻይ ተኽለ መንግስቱን ብጻይ ሲራክ ባህልቢ ንሓፈሻዊ ኩነታተ ሃገርን ኣብዚ እዋን’ዚ ኤርትራ ቁጠባዊ ሓርነትን ማሕበራዊ ፍትሒን ንምርግጋጽ ወፍሪ እተበግሰሉ መድረኽ በጺሓ ምህላዋን እዚ ወፍሪ ዕዉት ንምግባሩ ድማ ሓያል ተሳትፎ ህዝቢ ከም ዘድሊ ንኣኼበኛታት ብሰፊሕ ገሊጾም ።

ጻዕሪ መንግስቲ ኤርትራ፡ንመጻኢ ወለዶ ውሕስትን ምዕብልትን ሃገር ምርካብ’ምበር፡ ዶባታ ዘይተረጋገጸን ዘይርግእትን ሃገር ምትሕልላፍ ከም ዘይኮነ፡ ብምዝኽኻር ወፍሪ ኣብ መንእሰይ ብጽዑቕ ይሰርሓሉ ምህላዉ፡ ብምሕባር ኣብ ውሽጥን ወጻእን ቅርጡውን ውፉይን መንእሰይ ምፍጣር፡ መንፈስ ምትሕልላይን ኤርትራዊ ባህልን ስነ ምግባርን ዘመሓላልፍ ውዳቤ ኪድንፍዕን፡ ነቲ ዘሎ ኪድርፆን ድማ ኣዘኻኺሩ። ብተወሳኺ ኣምባሳደር ኣብ ኤርትራ ንወፍሪ ዘተባብዕ ባይታ ይጣጣሕ ከምዘሎን እዚ ድማ ንወጻእተኛታት ጥራይ ዘይኮነስ ንኹሉ ወዲ ሃገር’ውን ኣብዚ ጽላት ኣበርክትኡ ከዕዝዝ ከምዘለዎ ኣተባቢዑ። ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ሃገራት ንዝሃብኦ ሓላፍነት ብምዝንጋዕ ብጽልዋ ኣሜሪካ ተማእዚዙ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘይፍትሓዊ ውሳኔታት ይህብ ከምዘሎ ድሕሪ ምሕባር ንፖሊታት ኣሜሪካ ብምቅዋም ንሕቶ ኤርትራ ብቅንዕና ክርእያ ዝፈተና ሃገራት ከምዝነበራውን ሓቢሩ፡ ይኹን’ምበር እዚ ውዲት’ዚ ኣሜሪካን መሻርኽታን ቅድሚ 60 ዓመታት ዝነበረ ታሪኻዊ ተጻባኦ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን ምዃኑውን ኣረዲኡ። ኣምባሳደር ን 2% ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ምግለጺ፡ እዚ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ህዝብና ምስ ሃገሩ ዘተኣሳስር ኣብ ርእሲ ምዃኑ መሰሉን ግቡኡን ምዃኑ ብምሕባር፡ ከምዚ ተግባር ኣሜሪካን ካሎኦት ሃገራት ዘተግብርኦ ኣወንታዊ ኣበርክቶ ዜጋታት ምዃኑ ገሊጹ። ብዛዕባ ዞባውን ዓለማውን ኩነታት ብፍላይ ኣብ ጉዳይ ሶማል ኣመልኪቱ ሰፊሕ መረዳእታ ኣቕሪቡ። ኣብ መወዳእታ ኣብ ውሽጥና ጥራይ ከይተሓጸርና ኣብ ከባቢና ዲፕሎማሲያዊ ስራሕ ከነግፍሕን ዓቢ ቁጠባዊ ዝላ ከነርኢ ከምዘሎና ነዚ ንምዕዋት ከም ቀደምና ህዝብና ብምጥርናፍ ኣበርቲዕና ክንዘርሕ ከምዘሎና ለበዋ ብምሃብ መግለጺኡ ዛዚሙ።

ድሕሪ ሕቶን ርእይቶን ኣኼበኛታት ብህዝብን መንግስትን ዝካየድ ዘሎ መደባት ልምዓትን ምውሓስ ልኡላውነትን ብምምጓስ፡ ሓድነትናን ውዳበታትናን ንምድኻም ዝካየድ ተጻብኦታት ዝኹንን ውሳኔታት የሕሊፎም ።
ኣኼበኛታት: ንሓያል ኤርትራዊ - ሃገራዊ ወፍሪ ልምዓት ዋርሳይ ይከኣሎ እንዳደገፍና: ልዕሊ ዝኾነ ይኹን እዋን: ህዝብን መንግስትን ዝሓቶ ጠለባት ንምዕዋት ድለዋት ኣሎና ክብሉ ኣረጋጊጾም። ከምኡውን ንኹሉ እንተታትን ተጻብኦታትን ኣብ ምፍሻል ሎሚ’ወን ከም ትማሊ: ህዝባዊ መኸተና ዋልታ ነጻነትናን ዕብየትናን ምዃኑ ነረጋግጽ ኢሎም።

ሎሚ ቀዳም 2 መጋቢት 2013 ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ የተቦርን ከባቢኣን: ከም ኣካል ኤርትራዊ ዓለማዊ ምንቕስቓስ መኸተ ተኣኪብና: ኣብ ህሉው ኩነታት ሃገርና፡ ወፍርን ጉዳይ መንእሰያትን ድሉውነት ንጥርናፈን መኸተን ኣመልኪትና ብሰፊሕ ተዛቲና።

ብተወሳኺ ኣኼበኛታት ብሙሉእ ድምጺ፡
1. እቲ ከረሳስዑዎ ዝህቅኑ ዘለዉ: ናይ መወዳእታን ቀያድን ሕጋዊ ብይን ዳባት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብዘይ ውዓል ሕደርን ብዘይቅድመ-ኩነትን ክትግበርን ስርዓት ወያነ ካብቲ ጎቢጡ ሒዙዎ ዘሎ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ክወጽእ ንጽውዕ።

2. ሕድሪ ሰማእታት ንምትግባር ካብ ዘሎና ሙሉእ መረዳእታን ኣብ ግምት ብምእታው መንግስቲ ንዘውጻኦ ኣዋጅ መሕወይ ግብሪ 2% ብዝላዓለ ንምትግባር ኣብ ሃገራዊ ልምዓት ኣበርክቶና ንምዕዛዝ ድልዋት ከምዘሎና ነረጋግጽ።

3. ወፍሪ ኣብ መንሰያት: ዉሑስ ወፍሪ መጻኢና ምዃኑ ብምእማን፡ መንእሰያትና ሓያል ኤርትራዊ መንነት ከጥርዩ፡ ፍልጠትን ሞያን ኪዓጥቁን ምትእስሳሮም ምስ ሃገር ከሐይሉን: ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ከምዘሎና ነረጋግጽ። መንእሰያትና ኣብ ሃገር ቀሲኖም ክነብርሉ ዝኽእሉ ባይታን ዕድልን ከነጣጥሕ ክንጽዕር ኣሎና።

4. ብትካላት ሜድያ ሽወደን ንኤርትራውያን ንምጉጅጃል ዝግበር ዘሎ እከይ ተግባራት ብትሪ እንዳኾነንና: መንግስቲ ሽወደን ንኣብ ልዕሊ ሽወዳናዊያን-ኤርትራውያን ዝግበር ዘሎ ሰብኣዊ ግህሰታት ኣቓልቦ ብምሃብ: መሰል ናይቶም ድርብ ዜግነት ዘለዎም ዜጋታት ክሕሉ ንጽውዕ።

5. ኤርትራ ቁጠባዊ ሓርነት ንምርግጋጽን ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስን ኣብ እትገብሮ ዘላ ጻዕሪ ንምዕዋት ኣብ ቁጠባዊ ወፍሪ ተሳታፍነትና ከነዕዝዝ ነረጋግጽ፡

6. ኣብ ዝኾነ እዋን ኣብ ጎኒ ህዝብና መንግስትናን ከምዘሎና እናረጋገጽና ካባና ዝሕተት ዘበለ ኩሉ ከነማልእ ድሉዋት ምኻና ደጊምና ነረጋግጽ።

7. ኣብዚ እዋን ኮማዊ ውዳበታትና ሓይሊ ሓድነትና ንምድኻም ኣብ ስቶክሆልም ዝርከብ መእከቢ ኣዳራሻትና ብሓዊ ምንዳድ ግበረሽባራዊ ፍጻሜ ስለዝኾነ ብትሪ ንኹንን። ኣደራዕ ንዝኾና ማሕበረ-ኮማትና ንዘጋጠመን ተጻብኦ ኣብ መምካት ኣብ ጎንን ከምዘለና ነረጋግጽ። እዚ ፍጻሜ ክብርታት ኩሉ ሃገራዊ ኤርትራዊ ዝምለከት ሰለዝኾነ ክሳብ ፈጻሜ ክንከታተሎ ምዃና ነረጋግጽ።

8. ኣብ መወዳእታ: ንኹሉ ተንኮልን ሽርሕን ሃሱሳትን ተጻባእትና ብትሪ እናኾነና: ንኹሎም ደለይቲ ሰላምን ፍትሕን ምርግጋእን ዓለምና ዝቃለሳ ሃገራት: ወድባትን ዉልቀ ሰባትን ብሙምጓስ: ንዘይፍትሓዊ ብይን ባይቶ ጸጥታ ኮኒኖም ኣብ ዞባዊ ምርግጋእን ምውሓስ ልኡላውነት ሃገራትን እጃሞም ከበርክቱ ንጽውዕ።

ሕድሪ ሰማእታትና ብግብሪ ይደበስ!

ዓወት ንሓፋሽ!

ህዝባዊ መኸተ የተቦርን ከባቢኡን